





Werkse!

# Werkse!፡ ስራሕ ንኽትረኽቡ ክሕግዘኩም እዩ። ስራሕ፧ ንናብራ ኩሉ ሰብ ዘመሓይሽ እዩ!

እንቋዕ ናብ Werkse! ብደሓን መጻእኩም! ፈለማ፡ ብዛዕባኹም ዝምልከት ተወሳኺ ሓበሬታ ክንረክብ ንደሊ። ክትሰርሕዎ እትደልይዎ ነገር እንታይ እዩ፧ እቲ ጽቡቕ እትሰርሕዎ ዓይነት ስራሕ እንታይ እዩ፧ እቲ ክትሰርሕዎ እትጸገሙ ዓይነት ስራሕ እንታይ እዩ፧ እንታይ ከምዘድልየኩምን Werkse! ድማ ብኸመይ ከምዝሕግዘኩምን ብሓባር ኴንና ክነለሊ ኢና። ካባኹም እንጽበዮ ነገር እንታይ ምኻኑ ድማ ክንሕብረኩም ኢና። ስራሕ መታን ክትረኽቡ ብሓባር ኴንና ዓቢ ስጉምታት ክንወስድ ኢና!


### ስራሕ ንምርካብ ምምልካትን ስራሕ ምርካብን

ብኡንብኡ ስራሕ ክትጅምሩ ትኽእሉ›ዶ፧ ጽቡቕ! ስለዚ፡ ንዓኹም ዝሰማማዕ ዝኸፈሎ ዓይነት ስራሕ ኣብ ምንዳይ ክንተሓጋገዘኩም ኢና። ንዘለኩም ተሞክሮታትን ብቕዓት ትምህርትን ከምኡውን ውልቃዊ ብቕዓትኩም ኣብ ምንታይ ከምዝሙርኮስ ዘመልክት ስእላዊ ሓበሬታ ከነዳሉ ኢና። ንዓኹም ዘገድስ ዓይነት ስራሕ መታን ክንፈልጥ፡ ኣብቲ ዘሎ ዓይነታት ክፉት ስራሕ ንዓኹም ዝሰማማዕ ስራሕ ከነናድየኩም ኢና። ኣስራሕቲ፡ ኣብዚ እዋን›ዚ ካባኹም ዝደልይዎ እንታይ ምኻኑ ክትፈልጡ ኢኹም።
ንልዕሊ ኣርባዕተ ሳምንታት ዝጸንሕ ኣብ ምምልካት ስራሕ ዘተኮረ ስልጠና ክንህበኩም ኢና። ኣብ ውሽጢ ንኡስ ጉጅለ ብምኻን ስልጠና ንኽትወስዱ ኣብ ሰሙን ንሰለስተ ግዜ ብኣካል ኽትመጹና ኢኹም። ከምዚ ዝስዕብ ንኽትገብሩ ክትምሃሩ ኢኹም፥

- ደብዳቤታት መመልከቲ ስራሕ ክትጽሕፉ፣
- ታሪኽ ህይወት (CV) ከተዳልዉ ወይ ከተመሓይሹ፣
- ክፉት ስራሕ ክትረኽቡን ኽትግምግሙን፣
- ነቲ ምስ ሰባት ዘለኩም መርበባት-ርክብ ኽትጥቀሙሉ፣
- ዝርርብ ከተካይዱ፣
- ኣብ ቅድሚ ኣስራሒ ንገዛእ-ርእስኹም ብሰሓቢ መገዲ ኽተቕርቡ።

ድሉዋት ዲኹም፧ ድሉዋት እንተኼንኩም፡ ምስቲ ክትሰርሕዎ እትደልዩን ክትሰርሕዎ እትኽእሉን ዓይነት ስራሕ ዝሰማማዕ ስራሕ ምስ ዘለዎም ኣብ ከባቢኹም ዝርከቡ ኣስራሕቲ ከነራኽበኩም ኢና። ስራሕ ምስረኸብኩም ድማ ብድሕሪት ኴንና ብቐጻሊ ኽንከታተለኩም ኢና። ገለ ነገር ኣብ ዘጋጥመሉ ግዜ ድማ ሓገዝና ንኽትረኽቡ ኩሉ ግዜ ክትሓቱና ትኽእሉ ኢኹም። ብእትረኽብዎ ስራሕ ሕጉሳት ኽትኮኑ ንደሊ ኢና። ንግዚኡ ጥራይ ዘይኮነስ ኩሉ ግዜ ሕጉሳት ኽትኮኑ ንደሊ ኢና!

## ፈለማ ስራሕ ኣብ ዝረኽብክሙሉ ግዜ፥ Werkse!፡ ክሕግዘኩም ይኽእል እዩ




### ተሞክሮን ፍልጠትን ምድላብ

ተወሳኺ ግዜ የድልየኩም ድዩ፧ ካልእ ዓይነት ተሞክሮ ስራሕ ትደልዩ ዲኹም፧ ዝኽፈሎ ስራሕ ክትቕበሉ ቅድሚ ምኽኣልኩም፡ ኣብ ገዛ ክትወጋግንዎ ዘድልየኩም ነገራት ኣለኩም ድዩ፧ ክትወጋግንዎ ዘድልየኩም ነገራት እንተልዩ፡ ግዝያዊ ስራሕ ንኽተናድዩ ክንሕግዘኩም ኢና። መብዛሕቱ ግዜ፡ ንኣብነት ከም ምጥቕላል፡ ምስትንጋድ ወይ ምብጽጻሕ ጸስጣ ዝኣመሰለ ስራሕ ኣብ Werkse! ይርከብ እዩ። ከም ናይ ስፍየት ወይ መኻዚኖ ዝኣመሰለ ስራሕ ድማ ኣብ ካልእ ቦታ ክርከብ ይከኣል እዩ። ካብዚ ዓይነት ስራሕ ክትምሃሩን ንዓኹም ድማ ዝሰማማዕ ክኸውንን ኣገዳሲ እዩ። ንውሑድ ሳምንታት ወይ ድማ ንሽዱሽተ ኣዋርሕ ዝጸንሕ ዓይነት ስራሕ ክኸውን ይኽእል እዩ። ውዕለት (ረብሓ) ናይቲ ስራሕ ድማ ብቐጻሊ ክውሃበኩም እዩ።
ከመይ ትሰርሑ ከምዘለኹም፣ ጽቡቕ ዝኸይድ ዘሎ እንታይ ምኻኑን ክመሓየሽ ዝኽእል ድማ እንታይ ምኻኑን መታን ክንዘራረብ ብቐጻሊ ክንራኸብ ኢና። Werkse!፡ ነዚ ስራሕ ዝኸውን ኩሉ ዓይነታት ስልጠና ክህበኩም እዩ፣ ስለዚ ድማ ዝኽፈሎ ዓይነት ስራሕ ንኽትረኽቡ ኩሉ ግዜ ቀረባ ይኸውን።

### ምፍታሕ ጸገማትን ብቐጻሊ ምስራሕን

ኣብዚ ግዜ›ዚ ንኽትሰርሑ ድሉዋት እንተዘይኬንኩም፡ እቲ ዘድልየኩም ዓይነት ሓገዝ እንታይ ምኻኑ ፈለማ ምሳኹም ብምኻን ኽንርኢ ኢና። ናይ ጥዕና ጸገማት ዘለኩም ኽትኮኑ ትኽእሉ ኢኹም። ብኸቢድ ወይ ዘጨንቕ ሓሳባት ትሽገሩ ዘለኹም ኽትኮኑ ትኽእሉ ኢኹም። ዕዳ ክህልወኩም ይኽእል እዩ። ካብ ገዛ ኽትግዕዙ እትግደዱ ኽትኮኑ ትኽእሉ ኢኹም። ከምዚ ኣብ ዝኾነሉ እዋን፡ ክንክን ስነ-ኣእምሮኣዊ ጥዕና ንምርካብ ከም GGZ፣ ፋይናንሳዊ ሓገዝ ንምርካብ ከም Financiële Winkel ወይ ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ንምርካብ ከም Sociaal Team ምስ ዝኣመሰላ ትካላት ከምእትራኸቡ ኽንገብር ኢና። ጸገማትኩም ንኽትፈትሑ ንኽሕግዛኹም ባህ ይብለን እዩ።
እቲ ሓገዝ ክሳዕ እትረኽብዎ ግን፡ Werkse!፡ ንስኹም ክትሰርሕዎ እትኽእሉ ዓይነት ስራሕ ንኽትረኽቡ ምሳኹም ኮይኑ ክሰርሕ እዩ። እቲ ስራሕ ድማ ካብ ኩሉ ጭንቀትኩም ከዕርፈኩም እዩ! ዝኽፈሎ ስራሕ ክኸውን ናይ ግድን ኣይኮነን። ኣብ ወለንታዊ ስራሕ ወይ ኣብ ዘሐጉሰኩም መዓልታዊ ንጥፈታት ምስታፍ፡ ንዓኹም ዝበለጸ ኣማራጺ ክኸውን ይኽእል እዩ። ምስ ሓደስቲ ሰባት ብምርኻብ፡ ምስኦም ኴንኩም ገለ ነገር ክትሰርሑ ኢኹም፣ ሕጉሳት ድማ ኽገብረኩም እዩ። ንኣብነት፥ Firma van Buiten ኣብ ዝብሃል ትካል ምስትንጋድ፡ ኣብ ድስቲ ንዘሎ ጸብሒ ከተኹሱ ትኽእሉ ኢኹም። ወይ ድማ ኣብ Hoeve Biesland ኣብ ዝርከብ ድኳን ሕርሻ ክትተሓጋገዙ ትኽእሉ ኢኹም። ነዚ ስራሕ ብዘዐግብ መገዲ እንተሰሪሕኩም ድማ ዝኽፈሎ ስራሕ ብቐረባ ክትረኽቡ ኢኹም!

ሕቶታት፧ ሓሳባት፧ ርእይቶኹም ንኽንሰምዕ ንፈቱ ኢና!


WhatsApp፥ +31 (0)6 39 26 24 79
ኢመይል፥ vragen@werkse.nl [Questions@werkse.nl]
ተሌፎን፥ +31 (0)15 215 1400

Gantel 23, 2635 DP Den Hoorn
www.werkse.nl


Werkse!